# <u>ወያኔ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝነብሩ ኤርትራውያን ኣኪቡ ጸረ ሃገሮም ዘዳለዎ ሰልፊ።</u>

ስርዓት ወያኔ ካብ ቆልዓ ዘይሓይሽ ነቶም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ህግደፍ መሰሎም ዝገፈፎምእዮም ኢሉ እናዋጠየ ዝምድረሎም፡ ኣብ ሰነ ዕለት 23, 2016 ብዘይድለቶም እንትርፎ በጻብዕቲ ዝቐጸሩ ዕሱባቱ ከም በዓል ሑሴን ከሊፋ ገዲፍካ ነቲ ናይ ኮምሽን ሰብኣዊ መሰላት ዝበሃል ዘቕረቦ ናይ ሓሶት ጸብጻብ ጸረ መንግስቲ ኤርትራ ንድግፍ በሉ፡ እንተዘይልኩም ከምዛ ብሰንሰለት ታኣሲራ ዘላ ትእሰሩ እዩ ኢሉዎም። ወይ ዝበልናኩም ግበሩልና፡ ወይ ከኣ ዓድና ሕደጉልና እዮም ተባሂሎም። ቁጽሪ ንምብዛሕ ተባሂሎም መንሽእሰያት ኢትጵያውያ ደማሚርካ ዝተሰንዔ ሰልፊ ብግሉጽ ዘተሓላለፎ መልእኽቲ እንተ ኔሩ፡ እዞም ኤርትራውያን ኣብ ማሕዩር ይነብሩ ከም ዘለዉ፣ ሓሳቦም እንተገሊጹ ክምዝእሰሩ፡ ኣብ ዊን ዝበሎ ኸኣ ሕብሪ ዓይንኹም ደስ ኣይበለናን ኢሉ ንብረቶም ዘሪፉ ከምዝዳግኖም እዩ ዘመልክት። እዚ በቲ ኣሉታዊ ሸነኻቱ ክኸውን ከሎ፡ ወያኔ ዘየንበቦ ኣዎንታዊ ተልእኮ'ውን ኔሩዎ። ባንደራና ደሚቓ ኣብ ሕንብርቲ ጸላእትና ከትንበልብል ከም እትኽእል ኣመስኪራ። ህዝቢ ኣዲስ ኣበባን ካብ ከባቢ ኣብ ከተማ ዝጸንሔን ርእዩዋ ዘይፈልጥ ባንደራ ኤርትራ ብኣትኩሮን ኣድናቖትን ተዓዚቡዋ። ሎሚ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓሳብ ብተግባር ወይውን ብመንፈስ ምስዚ ዓሌታዊ ስርዓት ከምዘየሎ ዓለም ፈሊጡዎን ኣንቢቡዎን ዘሎ ሓቂ እዩ።

ከምቲ ብገለ መርበብ ድሕረ-ገጽ ተቓወምቲ ውድባት ኢትዮጵያ ተተንብሄ፡ መንግስቲ ኢና ጸሊእና እምበር ሃገርናን ህዝብናን ክእገድ ኣይንድግፍን ዝበሉ ኤርትራውያን ግደ ማህረምትን ማእሰርትን ከምዝኾኑ ይሕበር። ዓሻ ክልተ ሳዕ ይጽፋዕ ድኣ ኮይኑምበር፡ ድሕሪቲ ህዝብና ብዘስካሕክህ ግፍዒ ዝተሰጎሉ እዋን እዚ ግፍዒኛ ስርዓት ከሎ ኣብትሕቲኡ ክትቁረን ኢልካዶ ምተኸደ? ኣቦታትና ከምስሉ ንህቢ እናራኣየ ኣብ ሓዊ እኣቱ ይብሉ። ምስኣትወ እንታይ ይኸውን ይነድድ። እንትርፎ እቶም ገበናት ፈጺሞም ዝኾብለሉ ካልእ ምርጫ ዘይብለም እንተዘይኮይኖም፡ ሎሚ ኣብ ኢትዮጵያ መሰለይ ክሕለወለይ፡ ብነጻ ሓሳበይ ክገልጽ፡ ክሓልፈለይ ወዘተ... ኢሉ ዝስደድ ኤርትራዊ ዓቢ ጌጋ ፈጺምካ/ ፈጸምኪ ካብ ምባል ሓሊፍካ ዝግበር ከምዘየለ እቶም ግዳይ ናይዚ ሽግር ኮይኖም ዘለዉ ይፈልጡዎ።



ህዝቢ ትግራይ ጎረቤትናን ሓውናን ኣብ ብዙሕ ክፋላት ኤርትራ ብመውስቦ ዝተኣሳሰርናን ኢና። መሳፍንቲ ትግራይ ግን ኩሎም እኳ እንተዘይበልና ጠላማት ከም ዝነበሩዎም ተመሊስና ንራእሲ ወልደሚካኤ ዘጋጠሞም ታሪኽ ምውካስ የድልየና። ራእሲ ወልደሚካኣል ሓያል ስለ ዝነበሩ ነቲ ኣብ እዋኖም ዝነበረ መስፍን ትግራይ ምስ ሰራዊቱ ራዕዲ ስለ ዘሕደሩሉ፡ ንዕርቂ ዕድመ ኣቕረበሎም። ኤርትራውያን ከኣ ንዕርቅን ሰላምን ቀዳምነት ስለ ንህብ፡ ራእሲ ዝተላእከሎም ዕድመ ንምኽባር ኣብቲ

ዝተባህሎም ቦታ ትግራይ ተጓዕዚ። ወዮ መስፍን ትግራይ ወተሃደራቱ ኣዳልዩ ጸኒሑ ንራእሲ ወልደሚካኤል ከየብልዔ ከየስተየ ኣሰሮም። ራእሲ ወልደሚካኢል ተኣሲሮም ምስ ተሰምዔ ኣዝማራይ ከምዚ ክብል ኣዝመረሎም፡ ራእሲ "እንታይ መእተዊኹም ኣብ ሰንሰለት ሓልሓል ከለኹም ገፊሕ ሜርት"። ናይዚ ተንኮል ድሕሪ ክንደይ ዓመታት ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ትግራይ ብሰናይ ጉርብትና ምጽናሕ ጥልመት ብመሳፍንቲ ህ.ው.ሓ.ት. ተደግመ።

መኸተ ሓያል ህዝብና ኣብ ወጻኢ ዝነብር ንፈተውቱ ሓጎስ ኣስኒቑ፡ ንጸላእቱ ኣብ ውሽጢ ሃገሮም ኮይኑ ድምጹ ብነድሪ፡ መቓልሑ ብሃውሪ ብሽሓት ዝቑጸር ባንደራ ሃገሩ እናምበልበለ ኒሕና ኢና እቶም ብሓቕነትና ብጽንዓትናን ሓድነትናን ብዘይ ዝኾነ ግዳማዊ ደገፍ ንስርዓታት ገዛእቲ ኢትዮጵያን ደገፍቶም ሲዒርና ካብ መግዛእቲ መሰስ ኢልና ናጽነትና ዝጨበጥና ይብሎም ኣሎ። ሕጂውን ነዚ ተላዕጢጡ ዘሎ ሓሶት ከይቦኽዔ ክነፍሽሎ ምኺና ኣየጠራጥርን።

ሓድነትና ሓይሊ ጽንዓትና እዩ።
ሓቅነትና ዝሸፍኖ ጉልባብ የለን።
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።